tigrinja BUF00085

# 8 ኣርእስትታት ንጽቡቕ ሓባራዊ ስራሕ



ንወለድን ንኻልኦት ዓበይትን ዝኸውን መዘራረቢ መጽሄት

Bufetat

መደብ መምርሒ ንወለዲ

እዚ ሓጺር ናይ ጽሑፍ መግለጺ ኣብ ሓደ ተኸታታሊ ነገራት ምስ መደብ ሓበሬታ ንወለዲ ዝጠቓለል እዩ። እዚ ጽሑፍ'ዚ ብዲሬክቶራት(ብቤት ጽሕፈት) ናይ ቆልዑ፡ መንእሰያትን ወለድን ዝተዘርግሐ እዩ። ንምሉእ ትሕዝቶ ናይዚ ጽሑፍ ኣብዚ መርበብ'ዚ ርኣ፡ www.bufetat.no/foreldreveiledning/
ደራሲ ንትሕዝቶ ናይዚ ጽሑፍ ምሉእ ሓላፍነት ኣለዎ።

ሓበሬታ ብዛዕባ ጠለብ/ ምግዛእ ናይዚ ነገራት ኣብ መርበብ ኢንተርነት ኣሎ።
ብተወሳኺ ሓደ ክፋል ናይዚ ንብረት ምስ ምሉእ ትሕዝቶኡ ኣብ መርበብ ኢንተርነት ስለዘሎ ካብኡ ክተውርዶ(ዳውንሎድ) ትኽእል ኢኻ።

መእዘዚ ቁጽሪ: BUF00085

ናይ ኣይሲዲፒ(ICDPs) መደብ መምርሒ ንወለዲ

ICDP ሓደ ናይ ኖርወይ ማሕበር ግብረሰናይ ኮይኑ ምስ ዓለም ለኻውያን መርበብ ተመራመርትን መሳርሕቶምን ብሓበር ብምትሕብባር ንምዕባለ ቆልዑን ኣለይቶምን ይሰርሕ። ICDP ንዝተፈላለዩ ተጠቀምቲ ጉጅለታት ኣስተምህሮታት ይህብ።

ንዝበለጸ ሓበሬታ ብኽብረትኩም በዚ ተወከሱ።
ኣድራሻ ICDP, Anne Maries vei 14b, 0373 Oslo
ቴሌፎን 21 39 34 16, ኢ- መይል
icdp@icdp.no

መበገሲ ኣርማ ናይ መምርሒ ንወለዲ ካብ ሓንቲ መጽሓፍ ጥንታዊ « ቅርጺ ከውሒ ኣብ ኣልታ» ዘርእስታ ብከኑት ሄልሰኩግ ዝተጸሓፈ እዩ።

ንድፊ: Virtual Garden Design
ስእሊ: Johs Bøe, Kai Myhre, Scanpix Creative
ሕታም: Haugesund Bok&Offset AS
2010



እዞም ኣርእስትታት ንጽቡቕ ሓባራዊ ስራሕ ክዳለዉ ከለዉ ብቀሊሉን ሓባራዊ ዝኾነን ብዝተፈላለየ ናይ ዕድመ ደረጃታት ክርድኡ ክኽእሉን ከምኡ'ውን ንናይ ውልቀ መግለጺ ቦታ ንክህቡ ዓቢ ግምት ጌርናሎም ኢና። ሓደ ኣላዩ ብኸመይ ፍቕርን ኣፍልጦን ንውሉዱ ከምዘርኢ፡ ብውልቂ ይኹን ብባህሊ ዝተፈላለየ እዩ።

እዞም ኣርእስትታት ንዝርርብ፡ ኣብነታት፡ምብርባር ብተፈጥሮኣዊ ፍቕሪ ተርእየሉ፡ ሓሳብ ተካፍለሉን ተሞክሮ ውሉድካ ተስፋሕሉን፡ ብኣወንታዊ መንገዲ ትቈጻጸረሉ፡ ደረት ተትሕዘሉን መበገሲ ሓሳባት ንክኾኑ ዝተሓሰቡ እዮም። ትሕዝቶ ናይዞም ቴማታት ኩላትና ክንረኽቦ ንኽእል ተሞክሮ እዩ። ኣብዚ ብዙሕ ሓድሽ ነገር የለን እንተኾነ ግና እዞም ተሞክሮታት እዚኣቶም እዮም ናይ ጽቡቕ ምእላይ መፍትሕ ዝኾኑ። ኣርእስትታት ንጽቡቕ ሓባራዊ ስራሕ ብግዴታ ክትክተሎም ኣሎካ ተባሂሎም ዝተሓሰቡ ኣይኮኑን፡ ግና ከም ሓደ መዘኻኸሪን መበገሲ ንምንቅስቓስ ዝበዝሑ ወለዲ ዘለዎም ተሞክሮ ወይ ብምኽንያት ናይ ሂወት ጭንቀት ዘይተቓልበሎም ዝተሓሰቡ እዮም።

ድሕሪ ምስ እዞም ኣርእስትታት ኣብ ዝተፈላለየ ባህላዊ ምትሕሓዝ ኣብ ኣፍሪቃ፡ ላቲን ኣሜሪካን ዝተፈላለያ ሃገራት ኤውሮጳን ምስራሕ ዝገበርናዮ ገምጋም፡ እዞም መግለጺታት ናይ ሓባር ተሞክሮታት መብዛሕትኡ ሰብ ዝዝክሮምን ኣብ ዝተፈላለየ ዕድመ ዝርከቡ ቆልዑ ኣብ ምእላይ ኣገዳስቲ ኢሎም ይወስድዎምን።

ካርስተን ሁንኣይደ
ፕሮፌሰር ናይ ስነ ኣእምሮ ኣብ ዩኒቨርስቲ ኦስሎ

# ኣወንታዊ ስምዒት ኣርኢ - ኣብ ውላድካ ሕጉስ ምኳንካ ኣርኢ



ንናይ ቆልዓ ውሕስነት ንስኻ ብእኡ ሕጉስ ምኳንካ፡ ሓልዮት፡ ሓጎስን ውዕውዕ ስምዒትን ከተርእዮ ኣገዳሲ እዩ። ነኣሽቱ ቆልዑ ጌና ዘረባ ዘይርድኦም፡ ፍቕሪን ምንጻግን ሓጎስን ሓዘንን ይርድኦም እዩ። እዚ ብብዙሕ መንገድታት ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ ኣተገባብርኡ ክኣ ምስ ናይ ቆልዑ ዕድመ ዝተፈላለየ ክኸውን ናይ ግድን እዩ።

- ብሓባር ብምስሓቕን ፍሽኽ ምባልን
- ብምሕቛፍ
- ኣወንታዊ ምድራዝ
- ብምውዛይን ሓበራዊ ሰሓቕን
- ልዙቡን ፍቕራዊ ቃናን ጌርካ ብምዝራብ
- ኣብ ባህርያዊ ዝኾነ ኩነታት ንውላድካ ትፈትዎ ምኳንካ ብምንገርን።

መለማመዲ

A. ነዚ ከመይ ጌርካ ኣብ ግብሪ ከም ትገብሮ ኣብነት ሃብ? ውላድካ እንታይ ዓይነት ግብረ መልሲ የርኢ?
B. ሓደ ቆልዓ ዘይምግዳስን ኣሉታዊ ስምዒትን ጥራሕ ካብ ናይ ቀረብኡ ዝረክብ እንታይ ዓይነት ግብረ መልሲ ዘርኢ ይመስለካ?
C. ኣይኖት መለለዪ ጠባያት ናይ ውላድካ ዝያዳ ቀዳምነታት ትህቦም?
D. ከመይ ጌርካ ንውላድካ ተሐጕሶ?

# ኣተሓሳስባ ናይቲ ቆልዓ ብምርዳእ ንተበግሰኡ ተኸታተል



ምስ ውላድካ ብሓንሳብ ኣብ ዘለኻሉ ግዜ እቲ ቆልዓ እንታይ ከምዝደሊ ኣቓልቦ ክትገብረሉ ኣገዳሲ እዩ። እንታይ ከምዝገብርን እንታይ ከምዝስምዖን ኮታ ኣብቲ ናይቲ ቆልዓ ሂወት ኣቲኻ ኩነታት እቲ ቆልዓ ምፍላጥን ነቲ ቆልዓ ዘገድሱ ነገራት ምክትታልን። ሽዑ እቲ ቆልዓ ብእኡ ከምትሓስብ ክስምዖ እዩ። ኩሎም ዓበይቲን ነኣሽቱ ብኻልእ ከምዝተቃለበሎምን ብምርድኦምን ይጥቀሙ እዮም።

ኣብ ውሽጢ ዝተወሰነ ሓጹር ቆልዓ ኣብ ክንዲ ብኻልኦት ተድፊኡ ምንቅስቓስ ዝገብር ናቱ ሓሳባት ክኸተል ንናይ ቆልዓ ምዕባለ ኣገዳሲ እዩ። ቀልጢፍካ ንቕድሚት ከይትስጉምን ነቲ ቆልዓ «ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ከይኮኖን» ተጠንቀቕ። ብናታቶም ተበግሶ ክመጹ ግዜ ሃቦም። እዚ ማለት ግን እቲ ቆልዓ ከምድላዩ ክእዝዘካ ማለት ኣይኮነን።

- ቆልዓ ብዝተወከሰካ መልሲ ሃብ
- ናይ ቆልዓ ምንቅስቓስን ተግባራትን ተኸታተል
- ቆልዓ እንታይ ከምዝገብርን ከምዝደልን ርኣ
- ናይ ቆልዓ ኣካላዊ መልእኽትታት ተረዳእ
- ቆልዓ እንታይ ከምዝደልን ከምዝስምዖን ገምት
- ቆልዓ እንታይ ከምዝደልን ከምዝስምዖን መልስ
- ናትካ ተግባራት ምስ ህልው ኩነታት ቆልዓ ኣምዓራርዮ
- ቆልዓ ንዝገብሮ ተገድስነት ኣርኢ

መለማመዲ
A. እዚ ኣብ ግብሪ ከመይ ከምተውዕሎ ኣብነታት ሃብ።
B. ውላድካ ነቲ ናቱ ተበግሶ ክትመሳሰልን ክትከታተልን ከለኻ ከመይ ይስምዖ?
C. ንተበግሰኡ ፈጺሙ መልሲ ዘይረክብ ቆልዓ ከመይ ዝዛመድ ይመስለካ?
D. ናይ ቆልዓ ስምዒታትን ኩነታትን ኣብ ናቱ ኣካላዊ መልእኽትታት ምትሕልላፍ ብኸመይ ትርእዮ?

# ምስ ውላድካ በቲ ዘገድሶ ነገራት ተዛረብን "ስምዒታዊ ብዝኾነ ዝርርብ" ከተበግስ ፈትንን



ዋላ ድሕሪ ሓጺር ግዜ ናይ ምውላድ፣ ብምጥምማት፣ ብፍሽኽታ፣ ምንቅስቓስ ብምቅይያርን ብሓጎሳዊ ምርራውን ከምኡ'ውን ኣብቲ እቲ ቆልዓ ዝገብሮ ወይ ዝግደሰሉ ነገራት ኣላዪ ብዝህቦ ኣወንታዊ ርእይቶን እቲ ቆልዓ ብሓጐስ ኣብ ዝምልሰሉን ስምዒታዊ ዝኾነ ዝርርብ ከተበግስ ዕድላት ኣሎ። እዚ ዝርርብ'ዚ ቆልዓ ምሳኻ ንክተሓሓዝን ከምኡ'ውን ምስ ካልኦት ብሓባር ንምኻንን ጽቡቕ ቛንቛ ንኽማዕብልን ኣገዳሲ እዩ። ዋላ ዓበይቲ ቆልዑ መታን ክእመኑን ናይ ገዛእ ርእሶም ጉዳያት ንኽዛረቡን ቀጥታዊ ናይ ቀረባ ምዝርራብ ይደልዩ እዮም።

- ናይ ቀረባ ዝርርብ
- ናይ ቀረባ ርክብ
- እምነትን ምስጢራውነትን
- ዓይኒ ንዓይኒ ምጥምማት
- ሪትሚስክ ሳምስፒል(ረምታዊ ሓባራዊ)ብመንገዲ ኣካላዊ ቛንቛ
- ምቕዳሕን ምልውዋጥን ኣወንታውያን ምንቅስቓሳት
- ዝርርብ ብሓድሕዳዊ ምልውዋጥ ኣብ ሓሳባት ቃላትን ስምዒታትን

መለማመዲ
A. ነዚ ኣብ ግብሪ ከመይ ከምተውዕሎ ኣብነታት ሃብ
B. ምስ ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሒ ዕድመ ዝርከቡ ቆልዑዝግበር ስምዒታ ምዝርራብ ከመይ ይኸውን (ዕሸላት, 3-ዓመት, 8-ዓመት, ጓል 13 ዓመትን ወዲ 16 ዓመትን)
C. ሓደ ቆል ሳሕቲ ናይ ቀረባ ርክብ ዝረክብን ኢጋጣሚ ናይ ካልኦት ምእማን ከመይ ይምዕብል?
D. ኣብ ሓደ ብዙሕ ስራሕ ዘለካ መዓልቲ ንስኻትኩም ግዜ ረኺብኩም ብቀረባ ክትዘራረቡን ክትዘናግዑን መታን ብኸመይ ተመዓራርዮ?

# ቆልዓ ኽገብሮ ንዝኽኣለ ንኣዱን ፍለጠሉን



ሓደ ቆልዓ ነብሰ ምትእምማን ከማዕብልን ሓድሽ ነገር ንምፍታን ዓቕሊ ኽጥርን ዝገበሮ ክኣ ጥቕሚ ከምዘለዎን ሓደ ነገር ከምዝረኽበሉን ክስምዖ ኣገዳሲ እዩ። እዚ እቲ ቆልዓ ሓደ ጽብቕ ነገር ክገብር ከሎ ብኣወንታ ብምምላስ፡ ናእዳ ብምሃብ፡ ኣይናይን ስለምንታይን ጽቡቕ ከምዝነበረ ብምግላጽ ክግበር ይክኣል። ቆልዓ ቆላሕታ ይረክብ ከምዘሎ ክስምዖ ኣገዳሲ እዩ። ሽዕኡ ቆልዓ ሓደ ክውን ዝኾነ ርእሰ ተኣማንነት የማዕብል።

«ርኣ» ንቆልዓ

- ዓይኒ ዓይኑ
- ምስ ፍሽኽታን ሰላምታን
- ኣወንታዊ ምድራዝ ከም መልሲ

ቃላታዊ መረጋገጺ


- ናእዳን ኣፍልጦን ሃብ:
  «እዚ ጽቡቕ፡ ግሩም»
  «ከምዚ ክትገብር ከልኻ ጽቡቕ ሽዕኡ...»
  ምስ መብርሂኡ ስለምንታይ ጽቡቕ ከምዝኾነ

መለማመዲ

A. ነዚ ኣብ ግብሪ ብኸመይ ከምትውዕሎ ኣብነታት ሃብ
B. ውላድካ ጽቡቕ ምስ ገበረ ክትንእዶ ከሎኻ ብኸመይ ይምልስ?
C. ሓደ ቆልዓ ጽቡቕ ምስ ገበረ ፈጺሙ ናእዳ ካብ ወለዱ ዘይረክብ ከመይ ዓይነት ጠባይ የማዕብል?
D. ንሓደ ዕሸል ብኸመይ ኣፍልጦ ትህቦ?

# ንስኻትኩም መታን ናይ ሓባር ምርዳእ ኣብ ከባቢ'ኹም ዘሎ ክህልወኩም ነቲ ቆልዓ ኣቓልቦኡ ክጥርንፍ ሓግዞ።





ቆልዓ ብዙሕ ግዜ ኣቓልቦኡ ንኽጥርንፍ ሓገዝ የድልዮ እዩ።እዚ ክኣ ንናቱ ኣቓልቦ ናብቲ ኣብ ከባቢ'ኹም ዘሎ ብምጽዋዕን ምምራሕን ክትሕግዞ ትኽእል ኢኻ። ከምዚ ክትብል ትኽእል « ርአ ኣብዚ ...» እቲ ቆልዓ ክርድኦ ትደልዮ ዘልኻ ኣርእዮ ወይ መታን ናይ ሓባር ምርዳእ ክህልወኩም ናብቲ ናይቲ ቆልዓ ኣቓልቦ ውሒጡ ዘሎ ነገር ኣስተብህል። ብዙሕ ግዜ ዝርአ ግና ናይ ቆልዓ ኣቓልቦ ኣብ ሓደ ነገር ናይ ወላዲ ኣቓልቦ ክኣ ኣብ ካልእ እዩ። ብዘይ ሓባራዊ መረዳእታ ኣብ ኣከባቢ'ኹም ዘሎ ነገር ብሓባር ክትዛረብ ወይ ሓደ ነገር ክትገብር ኣጸጋሚ እዩ። እዚ ሓደ ክማላእ ዘለዎ ነገር ንጽቡቕ ርክብን ምዝርራብን እዩ።

- ናብቲ ነቲ ቆልዓ ኣቓልቡኡ ውሒጡ ዘሎ፡ ዝርእዮ ዘሎን ኣገዲስዎ ዘሎን ብምክትታል ኣስትውዕልን ብሓባር ኣቃልቡን
- ናይ ቆልዓ ኣቓልቦ ናብ ናይ ሓደ ነገር ዝርዝርን መለለይ ጠባይን ናይ ሓባር ተገዳስነት ከምዘተኩር ምግባር፡ «ርአ!» «ንዓ!»

መለማመዲ

A. መታን ናይ ሓባር ኣረዳድኣ ኣብ ከባቢ'ኹም ዘሎ ነገራት ክህልወኩም ከመይ ጌርካ ንወላድካ ኣቓልቡኡ ንኽጥርንፍ ክምትሕግዞ ኣብነታት ሃብ። ውላድካ'ኽ እንታይ ዓይነት ግብረ መልሲ የርኢ?
B. ሓደ ቆልዓ ኩሉ ግዜ ብዙሕ ነገራት ኣብ ሓደ እዋን ዘጋጥሞ'ሞ ዝደናገርን ከምኡ'ውን ሳሕቲ ኣቓልቦኡ ንምጥርናፍ ሓገዝ ዝረክብን ከመይ ይምዕብል?
C. ንስኻን ውላድካን ብሓንሳብ ኣብ ዘገድሱኹም ነገራት ናይ ሓባር ኣቓልቦ ክትገብሩ ግዜ ኣለኩም'ዶ?

# ነቲ ቆልዓ ኣብ ከባቢኡ ዝምኮሮን ነቲ ብሓባር ዝተመኮርክምዎን፡ ብምግላጽ ምስትምቓርን ውዕውዕ ስምዒት ብምርኣይን ትርጉም ሃቦ

ቃላት ብምጥቃም፡ ስም ብምሃብን ነገራት ከመይ ከምዝሰርሑ ብምርኣይን ብተውሰኺ'ውን ናትካ ስምዒት ኣብቲ ብሓባር ትምኮርዎን ተመኩሮታት እቲ ቆልዓ ነዚ ከም ሓደ ኣገዳስን በዓል ምሉእ ትርጉምን ክዝክሮ እዩ። ምእንቲ እቲ ቆልዓ ኣብ ከባቢኡ ዝፍጸም ነገራት ከም ሓደ በዓል ምሉእ ትርጉምን ኣገዳስን ጌሩ ክርድኦ ሓደ ዓቢ ሰብ ብቃላት ክገልጸሉ ኣድላዪ እዩ።ሽዕኡ እቲ ቆልዓ ውሕስነት ይስምዖ። በዚ መንገዲ'ዚ ንኣብነት ቛንቛን ምስ ካልኦት ብሓባር ከመይ ከምትሰርሕን ይመሃር። እዚ ብዙሕ ግዜ ቆልዑ ውልድ ምስ በሉ ጀሚሩ ባዕሉ ዝፍጸም እዩ፡ « ርኣ ሕጂ ፓምፐር ክንቅይር ኢና፡ ቆሲልካ ዲኻ ኣብ መቐመጫኻ?»

- ምስ ቆልዓ ብዛዕባ እቲ ብሓባር ትርእይዎ ተዛረብ
- ስም ሃብ ከምኡ'ውን ነቲ ንስኻትኩም ዝርኣኽምዎ መግለጺ ሃብ
- ነገራት ከመይ ከም ዝሰርሑ ኣርኢ
- ነቲ ብሓንሳብ እትርእይዎ ውዕውዕ ስምዒትን ተገዳስነትን ኣርኢ




*መለማመዲ*

A. ነዚ ኣብ ግብሪ ብኸመይ ከምትገብሮ ኣብነታት ሃብ። ውላድካ'ኸ ብኸመይ ይምልስ?

B. ሓደ ቆልዓ ነቲ ዝዕዘቦን ዝምኮሮን ዘረድኦን ዝገልጸሉን ምስ ዘይረክብ እንታይ ዓይነት ጠባይ ዘማዕብል ይመስለካ?

C. ብኸመይ ሓስባትካ ንኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሒ ዕድመ ዘለው ቆልዑ ከተካፍል ትኽእል? (ንዕሸላት, 3-ዓመት, ን 14- ዓመትን)

# ምስ ውላድካ ብሓባር ሓደ ነገር ክትምኮሩ ከለኹም ኣስፍሓዮን መግለጺ ሃበሉን




ምእንቲ ቆልዓ ዝያዳ ኣብ ዙርያኡ ዘሎ ክፈልጥ፡ ሰባት ክገልጽሉን ስለምንታይ ነገራት ከምኡ ከምዝኾኑ ታሪኻት ክንገርዎን ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ነኣሽቱ ቆልዑ እዚ ሕጂ ትርእይዎ ዘለኹም ነገራት ምስ ቅድሚ ሕጂ እቲ ቆልዓ ዝርኣዮ ብምንጽጻር ናይቲ ቆልዓ ኣፍልጦ ክሰፍሕ ይክኣል። «ይዝከረካ'ዶ ኣብ … ከለና? ምሽ ሽዕኡ ከማን ከምዚ … ርኢና»
ቆልዓ ምስ ዓበየ ታሪኻት ምትራኽ፡ መግለጺታት ምሃብ፡ ሕቶታት ምሕታት፡ ፍልልያትን ተመሳሳልነትን ምድላይ ወዘተረፈ ዝኣመሰለ ክንገሮ ይክኣል። በዚ መንገዲ'ዚ ካብዚ ሕጂ እቲ ቆልዓ ዝርእዮ ዘሎ ነገር ናብ ዝሰፍሐ ተሞክሮታት ክውሰድ ይክኣል።
ኩሎም እዚኣቶም ንናይ ቆልዓ ብልሕን ምዕባለን ኣገደስቲ እዮም።

- ስለምንታይ ነገራት ከምዚ ከምዝኾኑ ግለጸሉ፡ንገሮ ከምኡ'ውን ጠንቂ ድለ
- ምስ ናይ ካልእ እዋን ተሞክሮ ተመሳሳልነትን ፍልልያትን ኣነጻጽር
- ናይ ሕሉፍን መጻእን ዘለዎ ምትእስሳር ምርካብ
- ናይቲ ብሓባር ትምኮርዎ፡ ታሪኻት ኣዳሉን ንገርን
- ካብቲ ብሓባር ትምኮርዎ ስእሊ ርኣ፡ ብኢድካ ስእሊ ስኣልን ተዋስኦ ስራሕን

መለማመዲ

A. ነዚ ብኽመይ ኣብ ግብሪ ከምተውዕሎ ኣብነታት ሃብ።
B. ናይ ወዲ ሓደ ዓመት ቆልዓ ኣፍልጦ ናይ ዙርያኡ ብኸመይ ክተማዕብሎ ጌርካ ትኽእል? ናይ ሓደ ወዲ 7 ዓመት ቆልዓ ናይ ዙርያኡ ኣፍልጦ ከመይ ክተዕምቖ ትኽእል?
C. ሓደ ብዛዕባ እንታይ ይገበር ከምዘሎ ሳሕቲ መግለጺ ዝረኽብ ቆልዓ ከመይ ይምዕብል?
D. ኣብ ሓደ ጽዑቕ ስራሕ ዘለካ መዓልቲ ኩሉ ደው ኣቢላካ ውላድካ ንዝሓተካ ሕቶ ክትምልስ ግዜ ትህብ'ዶ?

# ንውላድካ ባዕሉ ንነፍሱ ገደብ ክገብር ንኽቆጻጸርን ብልዙብ መንገዲ ብምምራሕ ሓግዞ፡ እዚ ኸኣ ኣወንታውያን ምርጫታት ብምርኣይን ብሓባር መደብ ብምውጻእ ክትግበር ይከኣል።

ቆልዓ ነብሱ ንኽቆጻጸርን መደብ ከውጽእን ሓገዝ ይደሊ እዩ። እዚ መብዝሕትኡ ግዜ ሓደ ዓቢ ሰብ ናይቲ ቆልዓ ተበግሶ ከይመንጠለ ብኣወንታዊ መንገዲ ብምምራሕ ይግበር። እንድሕር ቆልዓ ንዓይ ይጥዓመኒ ስስዓን ከምኡ'ውን ምስ ካልኦት ቆልዑን ዓበይትን ብሓባር ናይ ምኻን ሕግታት ምጥሓስ የማዕብል ሃልዩ፡ ኣላዪኡ ሓደ ስጉምቲ ክወስድን እቲ ዝተፈቐደሉ ዶብ ብኣወንታዊ መንገዲ ክፍልጦን ስለምታይ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ፍቑዳት ዘይምኻኖም ክገልጸሉ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ክንዲ ኩሉ ግዜ እዚ ምኽልካልን «ኣይፋል»ምባል ብኣወንታዊ መንገዲ ምምራሕ ምስኡ ኴንካ ንኽገብሮ ዝፍቀዶ ነገራት ምርኣይን ኣገዳሲ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ሓደ ቆልዓ ምስ ዝብድል ካብ ወለዱ ኣወንታዊ ኣቓልቦ ክረክብ ይጽበ እዩ።

- ንናይ ቆልዓ ንጥፈታት ዝምችኡ ነገራት ኣመዓራርይ። ንኣብነት ብንእሽትኡ ከሎ ዝፈርሖ ዝነበረ ነገራት እለየሉ።
- ናይ ቆልዓ ምንቅስቓስ ሓሳብ ብምምኻር ምምልካትን እንታይ ክገብር ከምዘልዎ ብምንጋርን ምርሓዮ
- ደረጃ ብደርጃ መደብ ከውጽእ ሓግዞ
- ኣብ ናይ ቆልዓ ድሌት ብምምርኳስ ሓገዝ ሃብ መታን ነቲ ነገር ባዕሉ ከምዝገበሮ ክስምዖ ክሰርሖ ምስ ጀመረ ንስኻ ኣንሳሕብ
- ኩሉ ዓቅምታቱ ብምጥቃም ክምልሶ ዝኽእል መለማመዲታት ብምሃብ ኣበራትዓዮ
- ብሓደ ኣወንታዊ መንገዲ ናይ ክገብሮም ዝፍቀዱሉ ነገራት ንጹር ዝኾነ ዶብ ግበረሉ። እንታይ ከምዝፍቀዶን ዘይፍቀዶን ግለጸሉ።
- ሓደ ቆልዓ ካብ ሓደ ነገር ክኽልከል ከሎ ምኽንያት መኽልከሊኡ ግለጸሉ። ንቆልዓ

  «ክጋገ» ከሎ ካብቲ ጌግኡ ናብ ካልእ ኣማራጺ ንጥፈታት ብምምልካት ከም ዝእለ ግብሮ
- ምስ ዓበይቲ ቆልዑን መንእሰያትን ንኣብነት ሰዓት ክንደይ ገዛ ክኣትው ከምዘልዎም ክትረዳዳእ ይክኣል



መለማመዲ

A. ነዚ ብኸመይ ኣብ ግብሪ ከምተውዕሎ ኣብነታት ሃብ።

B. ሓደ ቆልዓ ፈጺሙ ወለዱ ዶብ ዘይገብሩሉን ዘይመርሕዎን ከመይ ዓይነት ጠባይ

የማዕብል? ወይ ድማ ኩሉ ግዜ ብምኽልካል ጥራይ ዝኣልይዎ?

C. ኣብ ናይ እንጽርጽሮት ኩነታት ግደፍ ብምባል ንቆልዓ ዶቡ ከተፍልጦን ክትሓርቕን ቀሊል እዩ። ኣይኖት ካልኦት ዝያዳ ኣወንታውያን መንገድታት ዶብ ንምትሓዝ ክትገብር ትኽእል?

ወለዲ ናይ ደቆም ጽቡቕ ጌሮም እዮም ዝፈልጥዎም። እዚ ፍሉይ ፍልጠት'ዚ ክትዕቅቦን ክተሐይሎን ክተማዕብሎን ኣገዳሲ እዩ።
ዕላማ ናይዚ «መምርሒ መደብ ንወለዲ» ወለዲ ተራኺቦም ተሞክሮኦም ንክለዋወጡን ንምዕባይ ቆልዓ ዝምልከት ሕቶ ንክዝትዩን እዩ። ኣርእስትታት ናይቲ ኣኼባታት ብዙሕ ገጻት ኣለዎም ስለዚ ናይታ መዓልቲ መዛተዪ ኣርእስቲ ወለዲ እዮም ዝውስኑ። ንሕና ፍሉጣት ሰብ ሞያ ኣለውና፡ መጽሓፍቲ፡ ሓጸርቲ መምርሒታት፡ ናይ ቴማ ሓጸርቲ ጽሑፋት፡ ቪዲዮታትን ዲቪደን ከዳልዉ ዝኽእሉ። እዛ ሓጻር ጽሕፍቲ ሕጂ ሒዝካያ ዘልኻ ብ ካርስተን ሁንኣይደ ናይ ስነ ኣእምሮ ፕሮፌሰር ዝተጸሓፈት እያ። እዚኣ ሓንቲ ካብቲ ብዙሓት ጽሑፋት ዝተዳለወ ብዛዕባ ናይ ወላዲ ምኽን ተሞኩሮታት ትገልጽ እያ። ምስ ካልእት ብሕጂ ዝዝርጋሕ ሓጸርቲ ጽሑፋትን ቪዲዮታትን ኣብ ናይ ከባቢኻ ከሙነታት ምስዚ ጽሑፋት ዝተኣሳሰር ንጥፈታት ተጀሚሩ ኣሎ። ማእከል ጥዕና፡መውኣለ ህጻናት ወይ ቤት ትምህርቲ ኣብ ከባቢኻ እንታይ ከምዘሎ ሓበሬታታት ክህባኻ ይኽእላ እየን።
ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ መደብ መምርሒ ወለዲ ኣብዚ መርበብ'ዚ ርአ
www.bufetat.no/foreldreveiledning/ .
ኣብዚ መርበብ'ዚ እውን እዛ ሓጻር ጽሕፍቲ እዚኣ ትረኽባ ኢኻ።